# ምእላይ ጽቂ ሊምፕ ኖድ።


Image: National Cancer Institute

ጽቂ  ተፍጥሮኣዊ ኣብ ሰውነት ዝርከብ ነገር እዩ። ጽሩይ ፈሳሲ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ስውነት ብምዝውዋር ናይ ጽሬት ስርሓት ዘካይድ ኣዩ።እቲ ጽቂ ብሊምፕ ኖድ ዝበሃል መጽርዬ መንፊት ገይሩ ይጉዓዝ ሊምፕ ኖድ ዝይተደልየ ነገራት ዝየተደልየ ርስሓት ብምዕጋት ክም ካንስር ሰልስ ዘኣመሰሉን ቫይረስን ካብ ሰውነት ብምእላይ ይሰርሕ።

ናይ ጓል እንስተይቲ ሊምፕ ኖድ ኣብ ናይ ጡባ ካንሰር ይዋሳእ ኖድ ፖሲቲቭ ማለት ካንሰር ሰልስ ኣብቲ ሊምፕ ኖድ ኣሎ ማለት እዩ ኖድ ነጋቲቭ ማለት ድማ ካንሰር እብቲ ሊምፕ ኖድ የሎን ማለት እዩ፡ ኣብቲ ሊምፕ ኖድ ካንሰር ክምዝሎን ከምዘየሎን ምፍላጥ ንሓኪምኪ ዑምቀት ደረጃ ሕማምኪ ብምግላጽ እንታይ ዓይነት ሕክምና ክምዘድልየኪ ንክውስን ይሕግዞ።

ስርሓት ሊምፕ ኖድስ ምጽራይ እቶም ሕማቕ ነገራት ኣጻሪኻ ምእላይ ኣዩ ከም ካንሰር ሰልስ ዘኣምሰሉ። ስለዝኾን እዩ ድማ ካንሰር ሰልስ ክርከቦም ዝኽእሉ ቦታ ክኸውን ንቡር ዝኸውን ካብቲ ቀንዲ ቱሞር ሞሊቖም ኣብ ካላእ ቦታ ስዉነት ክኸዱ ዝደልዩ።ኣብ ሊምፕ ኖድስ ዝርከብ ካንሰር የለግስ  መታን ቀጺሉ ከይዓብን ከየስፋሕፍሕን ኣብቲ ሊምፕ ኖድ ቦታን ካላእ ኣካል ሰውነትን ከይስፋሕፍሕን።

## ናይ ሊምፕ ኖድ ባዮፕሲ።

እዚ መጥባሕቲ እዚ ዝካየድ ቅንጣብ እቲ ሊምፕ ኖድ ብምውሳድ መርሚርካ ካንሰር ከምዝሎን ዘየሎን ንምርግጋጽ ዝግበር እዩ። ሊምፕ ኖድስ ካብትሕቲ ትሽትሽ ዝርከብ ቦታ ማለት ጥቃ ጡብ ክብዝርከብ ይእለ።እቲ ሓኪም ነቶም ሊምፕ ኖድስ ብማይክሮስኮፕ ይምርምር ካንሰር ሰልስ ከምዘሎን ዘየሎን ንምርግጋጽ ብዝሒ ካንሰር ሰልስ ኣብቲ ሊምፕ ኖድስ ምስዝርኤ እቲ ካንሰር ኣጸቢቑ ኣስጋኢ ይኸውን።

ሓኪምኪ መብዝሕትኡ ግዜ ዓሰርተ ሊምፕ ኖድስ ብምእላይ እኹል መረዳእታ ክርክብ ይኽእል። ሓኪምኪ ብተውሳኺ ካንሰር ሰልስ ኣለዎም ኢሉ ዝጥርጥሮም ሊምፕ ኖድስ ይኣልዮም።ክንደይ ሊምፕ ኖድስ ክምዝእለዩ ብመሰረት ሰውነትኪ እዩ ዝግምገም ክምኡውን ብኽእለትን ጥበብን እቲ ሓኪምን ይኸውን። ነብሲ ወከፍ ጓል እንስተይቲ ዝተፈላለዩ ብዝሒ ቁጽሪ ኣብ  ትሕቲ ኢዳ ክርከቡ ይኽእሉ ብተፈጥሮ ገሊኤን ሓሙሽተ ሊምፕ ኖድስ ክህልውን ጥራይ ይኽእል ይኸውን ገሊኤን ልዕሊ ሰላሳ ክህልወን ይኽእል ይኸውን።

**ሊምፖደማ።** ሕበጥ ናይ ኢድ እዩ በውገን ናይ እቲ ብካንሰር እተጠቕዔ ጡብ እዩ።ሊምፖደማ እብ 5-10% ጉዳያት ጥራይ ዝርኤ እዩ  እቲ ሓደጋ ከስዕብ ዝኽእል ዝላዓለ ኮይኑ(25%) ንደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ሊምፕ ኖድ ዝተኣለየለንን ድሕሪ መጥባሕቲ ናይ ራድየሽን ሕክምና ዝገበራን ኣብቲ ቦታ ናይ ሊምፕ ኖድስ ድሕሪ መጥባሕትን ከሞተራጥን።እቲ ናይ 25% ሓደጋ ምኽታል ደረጃ ናይ ሊምፖደማ ነተን ናይ ቀደም ዓይነት ቕዲ መሰረታዊ ማስከቶሚ ድማ ይምልከት እዩ ነቶም ነቲ ጡብ  ዘኽበቡ ሊምፕ ኖድስ ዳርጋ ብምሉኦም ምእላይን ብተውሳኺ ነቲ ጡብ ብመጥባሕቲ ብምእላይን ነቲ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ጭዋዳታት ምእላይን ሊሞዶማ ክኸትል ይኽእል ይኸውን።

ነቶም ኣብ ካልእ ኣካል ሰውነት ዘስፋሕፍሑ ናይ ካንሰር ሰልስ ካብቲ ጡብ ብደም ኣቢሎም ዝተመሓላለፉ ንምዕጋት ዝካየድ ሊምፕ ኖድስ ምእላይ ካንሰር ደው ከብል ኣይክእልን እዩ።



*© 2005 Terese Winslow, U.S. Govt. has certain rights*

## ምእላይ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድ ብመጥባሕቲ ።

ምእላይ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድ ብመጥባሕቲ ሒደት ሊምፕ ኖድስ ጥራይ ይኣሊ። እዚ መጥባሕቲ እዚ ኣብዚ እዋን እዚ ልሙድ ምስርሕ ኮይኑ ኣሎ። ናይ ሰንተንየል ኖድ ባዮፕሲ ጽቡቕ ምርጫ እዩ ነተን ኣጸቢቑ ዘይማዕበለ ኣብ ናይ መጀመርያ እዋን ዝርከብ ናይ ጡብ ካንሰር ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዝተሓተን መእከላይን ደረጃ ሓደጋ ዘቃልዕ ሊምፕ ኖድ ዘጠቓልል፡ ዝኾነ ኮይኑ ሰንተናል ሊምፕ ኖድ ምስርሕ ኣድላዪ ኣይኮነን ሊምፕ ኖድሰን ካብ ንቡር ውጻኢ ዝኾነን ካንሰር ሓዘል ዝኾነን።

መዝገበ ቓላት ንሰንተንየል ሓላዊ ተኸላኻሊ ድርዒ ኢሉ ይገልጾ ክምኡውን ሰንተንየል ሊምፕ ኖድስ እቲ ናይ መጀመርያ ሊምፕ ኖድ ጠጠው ኢሉ ንጡብ ዝከላኸል እዩ። ኣብ ናይ ስንተንያል ሊምፕ ኖድ ናይ መጥባሕቲ ምእላይ ናይ መጥባሕቲ ክኢላ ሓኪም ነታ መጀመርታ እትርከብ ብ ናይ ሰንተንየል መጻረዪ ናይ ፈሳሲ ካብቲ ናይ ጡብ ካንሰር ዘለዎ ዝመጸ ይከታተል።እቶም ናይ ካንሰር ሰልስ ካብቲ ሕበጥ ይፍለዩን ይጓዓዙን ካብቲ ጡብ ኣርሒቕም
ብ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድ ኣቢሎም ኣብ ዝህልውሉ ግዜ እዚ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድ ካብ ካልኦት ሊምፕ ኖድስ ብዝበልጸ ካንሰር ዘለዎም ሰልስ ክህልዎ ይኽእል።

ናይ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድስ ብመጥባሕቲ ምእላይ ቀንዲ ጉዳይ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።ኣብ ክንዲ ዓሰርተ ወይልዕሊኡ ሊምፕ ኖድስ ኣሊኻን ምምርማሮምን ካንሰር ንምርግጋጽ ቁሩባት ሊምፕ ኖድስ ጥራይ ትኣሊ ካንሰር ይህልዎም ኢልካ እትጥርጥሮም፡ እዚ ሊምፕ ኖድ እዚ ካንሰር ዘይብሉ ምስዝኸውን እቶም ዝትረፉ ክህልዎም ኣይክእልን ይኸውን ከምክዉንነት እቲ ናይ መጥባሕቲ ክኢላ ሓኪም እተጣበቑ ኖድስ በብክልተ ወይ በብሰለስተ ዝርከቡን ሰንተንየል ኖድስን ኣብ ጥቕኡ ዝርከቡን ብመጥባሕቲ ይኣሊ።

ኣብተን ንኣሽቱ ካንሰር ኣብ ኣጥባተን ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ( ካብ ክልተ ሰንቲሚተር ክብ ዘይብል) ሊምፕ ኖደን ጽቂ ንቡር ዘይኮነ ቅድሚ ብመጥባሕቲ ምእላይ ሓደ ውይ ድማ ቁሩባት ኖድስ ናይ ቱሽቱሽ ብልክዕ ክሕብሩ ይኽእሉ ኣብቲ ሊምፕ ኖድ ካንሰር ከምዘሎ ብምርግጋጽ። እተኻየደ ምጽናዕቲ ክምዝሕብሮ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ደቂ እንስትዮ ሰንተንየል ሊምፕ ኖድ መጥባሕቲ ምእላይ ዘካየዳ ካብ ካንሰር ተገላጊለን ጥዑያት ኮይነን ክነብራ ይኽእላ ካብተን ብዙሓት ሊምፕ ኖድስ ብመጥባሕቲ ዝተኣልየለን ደቂ እንስትዮ።